ALLIANCE OF
CIVIL SOCIETY
ORGANIZATIONS OF TIGRAY
ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ
(ሕማሲማት)

www.acsot.org info@acsot.or

Date: ACSOT/687/04/17 Ref. No:- 03/04/2017

**ኣብ ሓባራዊ መግለፂ ጥምረት ሲቪክን ቢዝነስን ማሕበራት ትግራይ ኣመልኪቱ ብሕብረት**

**<u>ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ (ACSOT) ዝተውሃበ መብርሂ</u>**

ኣብ ትግራይ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ናይ ዝነጥፉ 124 ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ጥምረት ዝኾነ ሕብረትና -ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ (ACSOT) ምስ ሽዱሽተ ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ፣ ቢዝነስን ናይ ሃይማኖት ትካላትን ብምኳን ብዕለት 27/03/2017 ዓ/ም ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ትግራይ ኣመልኪቱ በዓል ሸሞንተ ነጥቢ መግለፂ ቅዋም ምውፅኡ ስዒቡ ብዋናነት ኣብቲ ናይ መጀምርታ ነጥቢ ናይቲ መግለፂ ዝተፈላለዩ ርኢቶታት ይወሃቡ ከምዘለውን ብዝተፈላለዩ ትካላት መግለፅታት ይወፁ ከምዘለውን ተገንዚቡ ኣሎ። በዚ መሰረት ኣብቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ነቶም ካብ ዕላማ እቲ መግለፂ ወፃኢ ዝተወሰዱ ርድኢታትን ደንገርገራትን ምብርሀራህ ዘድሊዮም ምኳኑ ብምርዳእ እዚ መብርሂ ክነውፅእ ኣገዳሲ ኮይኑ ረኺብናዮ ኣለና።

1) *ኣብ ዓንቀፅ 1 "ፖለቲካ መራሕቲ ፖለቲካዊ ቅልውላው ክሳብ ዝፍታሕን ብምርድዳእ ዝተመስረተ ምምሕዳራዊ ምምዕርራይ ክሳብ ዝግበርን ምሻምን ምውራድን ጠጠው ክብል. . . እንዳፀዋዕና ንፖለቲካ ፍታሕ ዝሕግዝ ናይ ምርግጋፅ መንፈስ ክፈጥሩ ነተሓሳስብ" ዝብል ትሕዘቶ ብዝምልከት፡-*

እዚ ንምባል ምኽንያት ዝኾነና ብክልቲኦም ወገናት ኣብ ዝተፈላለዩ ፀፍሒታት መሪሕነት ዝካየዱ ዘለዉ ተግባራት ምሿምን ምውራድን ኣመራርሓ ብፍላይ ድማ ኣብ ታሕተዋይ ፀፍሒ መንግስታዊ መሓውራት ዝግበሩ ዘለዉ ሹመታትን ምውራድን ኣመራርሓ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ህዝብና መሰረታዊ ግልጋሎታት ከይረክብ ዕንቅፋ ካብ ምኳን ሓሊፉ ወጥሪ ፖለቲካ ትግራይ እናጎሃሃረ ናይ ፀጥታን ድሕንነትን ስግኣት ይኸውን ስለዘሎ ዘስዕቦ ዘሎ ሳዕቤን ስለዘተሓሳሰበና እዩ። በዚ መሰረት እዚ ተግባር ብጊዚያውነት ጠጠው ኢሉ እቲ እናነሃረ ዝኸይድ ዘሎ ወጥሪ ንምህዳእ ከምኡ'ውን ኣብዚ ክልቲኦም ወገናት ዘለዎም ዓቢይ ህዝባውን ብሄራውን ሓደራ ኣብ ግምት ብምእታው ንዝተወሰነ ጊዜ ውጥረት ደው ኣቢሎም ምስ ዘቤታውያን መዳርግቲ ኣካላት ክማኸሩን ልዝብ መሰረት ዝገበረ ፍታሕ ንከናድዩን ዓሊሙ ዝቐረበ ፃውዒት እምበር ንውዕሊ ፕሪቶርያ ስዒቡ ዝተመስረተ ጊዚያዊ ~~ምም~~ምሕዳር ዘለዎ መንግስታዊ ስልጣን ንከይጥቀም ብምቅዋም ዝቐረበ ፃውዒት ኣይኮነን።

ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ
ACSOT
Alliance of Civil Society Organizations of Tigray

2) ኣብ ዓንቀፅ 1 "ፖለቲካ መራሕቲ ፖለቲካዊ ቅልውላው ክሳብ ዝፍታሕን ብምርድዳእ ዝተመስረተ ምምሕዳራዊ ምምዕርራይ ክሳብ ዝግበርን ካብ ኣዳራሽ ወፃኢ ዝካየዱ ሰልፍታት ጠጠው ክብል. . . እንዳፀዋዕና ንፖለቲካ ፍታሕ ዝሕግዝ ናይ ምርግጋዕ መንፈስ ክፈጥሩ ነተሓሳሰብ" ዝብል ትሕዘቶ ብዝምልከት፡-

ብመሰረቱ ካብ ኣዳራሽ ወፃኢ ዝግበሩ ሰልፍታት ጠጠው ንኽብሉ ዘቕረብናዮ ፃውዒት ንኽልቲኦም ጉጅለታት ህወሓት ዝምልከት እምበር ንካልኦት ሰልፍታት ወይ'ውን ብካልኦት ካብዞም ክልቲኦም ጉጅለታት ወፃኢ ብዝኾነ ወገን ንዝካየዱ ሰልፍታት ዝምልከት ኣይኮነን። እዚ ዝጠለብናሉ ምኽንያት ድማ እቲ እናተጎሃሃረ ዝኸይድ ዘሎ ውጥጥ ክልቲኦም ጉጅለታት ፖለቲካዊ መሪሕነት ህወሓት ናብ ሰልፊ ምክያድ የምርሕ ከምዘሎ መረዳእታ ስለዝረኸብና እንትኸውን ክልቲኦም ወገናት ኣብ ኣደባባያት ሰልፊ ምስዘካይዱ እቲ ወጥሪ ተጋዲዱ ናብ ምግማቱ ዘፀግም ናይ ፖለቲካን ፀጥታን ቅልውላው ከየእትወናን ናይ ህዝቢ ፀጥታን ድሕንነትን ንከይናጋዕን ጥንቃቐ ንክግበርን እዩ። ካብዚ ወፃኢ ከምትካል ሲቪል ማሕብረሰብ ዝኾነ ብዝተወቡን ዘይተወደቡን ወገናት ዝግበሩ ሓሳብ ናይ ምግላፅን ሰልፊ ምክያድን ተግባራት እንቃወመሉ ምንም ምኽንያት የብልናን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዝኾነ እዋን ንሕግን ሞራልን ሕብረተሰብ ዘይፃብኡ ሕጋውን ሰላማውን ሓሳብ ናይ ምግላፅን ሰልፍታት ምክያድን መሰላት ክኽበሩን ክግውዱን እንጠልብ ጥምረት ምዃና ክንገልፅ ንፎቱ ።

ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ዝወፀ መግለፂ ማእኸል ብምግባር ሓሳብኩምን ስክፋትኩምን ንዝገልፅኩምልና ይኹን መግለፂ ብምውፃእ ተቓውሞኹም ንዝገለፅኩም ኣካላት ንተበግሶኹም እናመስገንና ከምኡ'ውን ንዝተፈጠረ ክፍተት ይቕሬታ እናሓተትና ሐዚ'ውን እቲ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ትግራይ ብውሽጣዊን ሰላማዊን ኣገባብን ሓቛፋይ ብዝኾን ልዝብን ኣማራፅን ንክፍታሕ ደጊምና ፃውዒትና ነቕርብ።

**ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ**

**Alliance of Civil Society Organizations of Tigray (ACSOT)**

ታሕሳስ 03/2017 ዓ/ም
መቐለ

ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ ACSOT Alliance of Civil Society Organizations of Tigray

Tele No. 251 -0911362042/ 251-0344-400337 * Fax No.251-344-400304 P.O.Box – 1313
Mekelle, Tigray, Ethiopia